# ሕድሪኹም ንበብዖ !




ነበብዖ፡  ቃሉን መንፈሱን
ንበብዖ፡ መትከሉን ተግባሩን
ንበብዖ፡ ጽንዓቱን ተወፋይነቱን
ንበብዖ በብሓደ ፡ ፈደል'ውን ትኹን ከይገደፍኩም
ንበብዖ ሓደራኹም ንዓኹም ክሕሸኩም፡
ብህሎ ኣይኮነን፡ ውዕሎ'ዩ :
ውዕሎ ብውዕሎኡ ግን፡
ነቲ ኣጻድፍ ከም ጎልጎል፡
ነቲ ጥሜት ከም ጽጋብ
ንጽምኢ ከም ርውየት
ንዕርቃን ከም ክዳን
ንመስዋእቲ ከም ምባእ፡
መትከል'ዩ ! ሓላላት ዝወደቑሉ መትከል፡
ጽንዓት እዩ፡ ብመስዋእቲ ብሉጻት ዝተርንዐ ጽንዓት፡
ክብሪታትና  እንድዩ ን ህግሓኤ፡ ፈጢሩ፡
ህግሓኤ ዘተቐበሎ ሓደራ : መትከሉ ዓቲሩ
ተቓሊሱ ኣቃሊሱ : ኣብ ብልሒ መላጸ ተኾይጡ
ንሓያላት ኣሽንዲዱ ጁጅ-ማጁጅ ቀቢሩ
ንጸሓዮም ኣድኒኑ : ዓወት ንሓፋሽ ኣበሲሩ፡
ንበብዖ ኣጸቢቕኩም !
ዓይኒኹም እንተደኸመ መነጸር ወዲኹም
መን ኣሎ ናብዛ ሓባል ዓለም
ብጽንዓቱ ዝነብር ብዘይካኹም፡
መን ይገርሞ፡
ኣኽራናት እንተደነኑ
ውቅያኖሳት እነተቐሙ
ሰማያት መሳኹቶም እንተኸፈቱ
ብልክዕ ነቲ ሓቂ ክገልጹ፡
እዛ ቁናን ዓለም !
ምስ ዓለም እንከለና ዝሰኣነትና
ኣናሻዕ ንሞት ዝፈረደትና
መን ይገርሞ፡
ሕጂ በቲ ሽራፍ ስና እንተሰሓቐትና
በቲ ሸውራር ዓይና እንተረኣየትና
በቲ ሓንካስ እግራ እንተበጽሓትና
መን ይገርሞ እንተኳሕኩሐት ልዓትና :
ንስለ'ቲ  ድርብ ጽንዓትና
ንስለ'ቲ ሓጺናዊ ሓድነትና
ድርብ ዓወት ተገዚምና :
ወዲ ኤረይ ወለላ
እዛ ሓንካስ ዓለም ሰጊዳ ናባኻ ብኹላ፡
ኣይበልናን'ዶ !
ኣይትኽእሎምን ኢኻ
ኣሰይ መትከለይ ረቲዑ ፡ መትከል ሓቂ፡
ዓወት ንሓፋሽ፡

© መድሃኔ ተስፋኣለም